# ድሕረ-ምዝገባ ክትበት ኮሮና ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK

ኣብ ወጻእ-ሃገር ክታበት ዝተኸትቡ ሰባት ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK ድሕሪ ምኽታቦም ክመዝግቡዎ ክፍቀደሎም እዩ። እዚ ንኽፍቀድ እቶም ክታበታት ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዝረኸቡ ክኾኑ ኣሎዎም፡ ከምኡ'ውን እቲ ዝተኸተበ ሰብ ትውልዲ ቁጽሪ ኖርወይ ወይ d-nummer ዘለዎ ክኸውን ኣሎዎ።

– ብዙሓት ኣብ ወጻኢ ሃገር ድሮ ዝተኸተቡ ሰባት ሕጂ ክታበቶም ክምዝገበሎም ስለዝኾነ ሓምላይ ምስክር ወረቐት ኮሮና ክወሃቦም እዩ፡ ስለዚ ካብ መገሻዊ ውሸባ ሕድገት ክግበረሎም ወይ እውን ውሸባ ክሓጽረሎም ከም ዝኽእል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ ይሕብር።

ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ብዝረኸበ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ክታበት ዝተኸተብካ እንተደኣ ኮይንካ ካብ መገሻዊ ውሸባ ትድሕን ማለት እዩ። ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK ንኣብ ወጻእ ሃገር ዝተዋህቡ ክታበታት ርእሱ ዝኸኣለ ረቛሒ ምትእትታውን ንድሕረ-ምዝገባ ዝቕይዱ መምርሒታትን ምድላው ገለ ግዜ ወሲዱልና እዩ።

ሕጂ እቲ ረቛሒ ቦትኡ ሒዙ ኣሎ፡ ስለዚ ኣብ ወጻእ ሃገር ዝተዋህቡ ክታበታት ኣብቲ መዝገብ ምልክት ክግበረሎም ብምዃኑ ካብቶም ኣብ ኖርወይ ዝተዋህቡ ክታበታት ክንፈልዮም ክኢልና ኣለና፡ እዚ ድማ መደብ ክትበት ኮሮና ኣብ ኖርወይ ክንከታተሎ ክንበቕዕ ኣገዳሲ ተራ ክጻወት'ዩ። ከም ተወሳኺ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ ቁጽሪ ክቱባት ኖርወያውያንን ኣብ ኖርወይ ዝተጠቕምናሎም ክታበታትን ቅኑዕ ሓበሬታ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ።

### ቅድሚ ኖርወይ ምምጻእኻ ብኤለክሮኒካዊ ኣገባብ ምስ ሕክምና ምርኻብ

ቅድሚ ንኖርወይ ምብጋስካ ክትምዝግቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብ እንዳ ቀዋሚ ሓኪም፡ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ወይ ኣብ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትረኽቦም ክትሓቶም ኣለካ፡ እዚ መታን ኣብ ወጻኢ ሃገር ከምዝተኸተብካ ብሰነዳት ከተረጋግጸሎም።

መታን ሓኪም እቲ ዘለካ ሰነዳት ክታበት ርእዩ ብቑዕ ድዩ ኣይኮነን ባዕሉ ናጻ ዝኾነ ገምጋም ክወስድ፡ እቲ ርክብ ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ወይ ቪድዮ ክኸውን ይግብኦ።

ብምሉኡ ሓበሬታ ክታበት ብጀካ ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK ኣብ ርእሱ ዝኸኣለ ጸብጻብ ክሰፍር ኣሎዎ።

–እቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ብዝተኻእለ መጠን ቅኑዕ ከምዝኾነ መታን ክተኣማመንሉ፡ እቶም ነቶም ኣቐዲሞም ዝወሰዱ ክታበታት ዝምዝግቡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ብቑዕ መምርሒታት ክረኽቡ ኣለዎም።ከምዚ ዓይነት መምርሒታት ኣብ ገጻት ኢንተርነት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ሕጂ ወጺኡ ኣሎ ይብል ሀይየ።

ኣቐዲሙ ዝተወሰደ ክታበት ንምምዝጋብ ዝካየድ ርክብ/ዝርርብ እቲ ዝምልከቶ ተሓካሚ ባዕሉ ክኸፍሎ ኣሎዎ። ኣብ እንዳ ቔዋሚ ሓኪም እንተደኣ ኮይኑ፡ ተሓካሚ ናቱ ርእሰ-ብጽሒት ብምሉኡ ክኸፍሎ ኣሎዎ፡ ምኽንያቱ ብባጀት ድጐማ ስለ ዘይሸፈን።

## ብቤት ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዝረኸቡ ክታበታት ጥራሕ

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዝረኸቡ ክታበታት ጥራሕ እዮም ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK ክምዝገቡ ዝኽእሉ ዝብል ምሕጽንታ'ዮም ሂቦምና ዘለዉ። ክታበት ዝተወሰደሉ ቦታ ብዘየገድስ። ምኽንያቱ ብቤት ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዝረኸቡ ክታበታት ብዛዕባ ብቕዓቶም፡ ውሕስነቶምን ኣድማዕነቶምን ኣፍልጦ ሰለዘለና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኖርወይ ዝወሃቡ ክታበታት ብምሉኦም ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዝረኸቡ ክኾኑ ስለዘለዎም ኢዩ። ብቤት ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮጳ ተቐባልነት ዘይረኸቡ ክታበታት ድማ ኣቐዲሞም ምስ ተወስዱ ኣብ መጸኢ ኣብ ሃገራዊ መዝገብ SYSVAK ጸኒሖም ክምዝገቡ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ብዝብል ገምጋም ክግበረሉ እዩ።

እዞም ከምዚኦም ዓይነት ክታበታት ሎሚ ምስ ሕድገት ወይ ምሕጻር ግዜ መገሻዊ ውሸባን ሓምላይ ወረቐት ምስክር ኮሮናን ዝተተሓሓዙ መሰላት ኣየውህቡን ኢዮም።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንድሕረ-ምዝገባ ዝምልከቱ መምርሒታት ከቃልሕ እዩ. [Les mer på FHI.no/ኣብ FHI.no ብምታው ዝያዳ ክንበብ ይከኣል።]